# ጸለ`ለል ኣይበዝሔን`ዶ ?...........

ሓንቲ ቪድዮ ከምሜእኽቲ ምስ ሜጸትኒ ገለ ኣገዳሲ ነገር ከይህልዋ`ለ ረኣኹዋ፤ እቲ ንነፍሱ ከምፈላጥ ስነ ቋንቋ (Linguistics) ምዃኑ ዝገልጽ ኣይተ ቡኽረጻን 2ይ ገጽ ናይ ተስፋጻን ምዃኑ ገና እንኮሎ`ዩ ዝሪደኣካ። ዝኾነ ኾይኑ ን ዓረበኛን ግእዝን ኣፍልጥኡ ንኽርእይ ፤ ብእግረን ሒዙ ቁልቁል ኣፈን ደፊኡ ዝነ ግፈን ዘሎ`ዩ ዝማስል ነ ይሩ !
ብማጠን ነታ ዓረበኛ ዘቋማጣዓ ንግእዝ ከ ኣቋማጢዕዋ ድዩ ዲሒና ሚጋገጺ የ ብለይን። ሞወከሲ`ውን ኣይረኸብኩን። ን ኣብ ዓረበኛ ዘርኣዮ ሃተውተው ግና ዝኾነ ምጡን ናይ ዓረበኛ ፍልጠት ዘለዎ ሰብ ኣብ Google ኣትዩ ክልተ 3 ሞልጎ ምብምውቃዕ ጥርሑከ ውጽኦ ይኽእል`ዩ።
ኣይተ ቡኽረጼን እንታይ`ዩ ክብል ደልዩ`ዩ ?! ከም ትብሉ ርግጸኛየ ምኽንያቱ ኣነ`ውን ነቲ ከምሜእተዊ ዘቅረቦ ሃተውተውርእየ ንነፍሰይ ዝሓተትኩዎ ሕቶ ስለ ዝነበረ።
ሓውና ብዘዕ`ባ ፍደል (ገ) ን ፍደል (ጀ) ን ብዝምኤከት ብግእዝን ዓረበኛን ኣረዲኡ፤ እቲ ዓቢ ሓሶቱ ጀ/ ክጸሓፍ እንኮሎ ብዓረበኛ ገ/`ዩ ዝጸሓፍ ብምባል። እቲ ጀበርቲ ዝብል ስምገበርቲ`ዩ ዘስምዕ ። ነዚ ስሞምዚ ኸኣ ምኽንያት ኣለዎ`ዩ ዝብል። ነቲ ስዲ ኣበሃህልኡ ንኸበሳ ኤርትራ ዘካፍእ፤ እናተረደኦ ይዘረቦ ከም ዘሎ ዝኣማ ሉ ጽያፍ ገዲፈ ብኸምዚ ዝስዕብ ክገልጾ`የ (ነቲ ዝበሎ) ።
“ወረርቲ ኣቦታቶም (ኣስላም/ግብጻውያን) ብስንሒት ኣቢሎምክሳብ ከበሳ ኣንስቲ እናዓሜጹ ይኸዱ ስለ ዝነበሩ ፤ ኣሓትና ኣሞታትና ሓትኖታትና ኣደታትና ተዓሚጸን ዝጠነ ሰኦም፤ ንሕና ኸኣ ሂወት ስለ ዘይነ ሕልፍ/ ባህልና ስለ ዘይኮነ ዘዕበናዮ ምኣውዳትን ኣዋልድን ተፋርዮምዮምጀበርቲ ዝብሃሉ ህዝቢ ህልዋት ዝኾኑ !! /ብማሳረት ናይቶምገበርቲ ዝበሃሉ ዘይፈልጥዎም ኣቦታቶም!!! "
ጠንቂ`ዚ ጽላሌ ንምፍላጥ ነቶም ጽሉላት ምፍላጥ ከድሊ`ዩ፤ እዞም ጽልኢ ጀበርቲ ክበልየሎም ዘይከኣለ ኣንድነትን ትግራይ ትግሪኝን ዝድሕረ ባይተኦም፤ ጽልኦም (ን ጀበርቲ) ምስ ምንጻር ጂኦ ፖለትካ ኤርትራ ምንጻር`ዩ ዝጅምር። ጀበርቲ ንምምቃል ኤርትራን ኣንድነትን ዝጻረሩን ኣብ ደንበ ናጽነት ንጹር ተራ ዝነበሮም ብምዃኖም ጥራሕ ፤ ብኣንድነ ታውያን ደሞምፈሲሱ፤ ኣብያተ ንግዶምነዲዱ፤ ከብቶም ተዘሚቱን`የን (ብወኪል ሃይለ ስላሴ ኮ/ነ ጋ እናተመወሉ) ። እዞምሸነኽ እዚኦም ንመንነት ጀበርቲ ንምንጻር “ ዘይወግሕ ማኪሉዋስ ኣብ ቡኽራ ........... " ከም ዝበሃል፤ ክንደይ ምስ ወግሔ ዝሸተተ፤ ክሳብ ክንይ ድዮምኣናውጸ ሞምነ ይሮም ?!
ዘብል ኣባሃህላ ኣለዎም፡ ንኣብነት፡ -

- ኣብግዜ ሃይለ ስላሴ ጀበርቲ ዘርኢ ዓረብ`ዮምይብሉ ነ ይሮም፡ ጀበርትን ጀበልን ክሳብ ምፍላይ ዝሸገሩሉ እዋን ነ ይሩ። (ጀበሊ

ደቂ ከበሳ የመን ማለት`ዩ ፤ ዓዶም ኣብ ጀበል/ጎቦታት ዝኾኑ ህዝቢ )

- ሓይሊ ሰውራ ምስ ተራእየ /ጀብሃ ኣብ ሑቕፊ ጸላኢ ንዘሎሃ ብታም ወዲ ዓድን ወጻእተኛን ከተገብር ምስ ጀመረት ደሃዮም ኣይነበረን፤ ብኣንጻሩ ክማሳሰሉ ዝሚረጽሉ መድረኽ`ዩ ነይሩ። ንጀበርቲ ሰላምዝሃብዎምመድረኽ`ዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል።
- ድሕሪ ምስ ሰውራ ምጽግገያም፤ ነጻነት መጺኣ ንታሪኾምግደፍ ፍርዲ ክምዝን`ውን ስለ ዘይረኣዩ፤ ተተባቢያምኣብዚ ሰዓት`ዚ ጀበርቲ ካብ ትግራይ`ዮምመጽኦምምባል ጀሚሩ።
- ትግራይ ኣብ ዘመን ወያነ ምስ ተወንጨፈት ኣፎምማይ ኣብ ዝሜልኣሉ እዋን ከኣ ተጋሩ ኢና ክብሉን፤ ተጋሩ ምኗኖምታሪኽ ክኣልመን ስለ ዝጀመሩ፤ ጀበርቲ ኸኣ ሶሜል`ዮምምባል ጀሚሩ።
- ሎሚቅነ ኸኣ ገለ ሓድሽ ዝሸተተ ነገር ኣሎ ድዩ ዋላስ ጽላለ ኣርኪቡ፤ ኣቶ ቡኽረ ጸን ጀበርቲ ካብ ኣደታትና ካብ ኣሓትና ካብ ኣሞታትና ካብ ሓትነታትና ብዘይ ሕጊ ብዓመጽ ዝተወልዱ ኣሕዋትና`ዮምይብል ኣሎ። ደሓን ኣይትእተውይውሕዶ`ዶ ! ነዚ ሽማግሌ ሰብኣይ !

ዝኾነ ኾይኑ ነዚ መጽሓፍየ ይ፤ ሃገር ብሕማቃታታ፤ ብኸዳዓታ፤ ብተበለጽታ ስለ እትዓኑ ፤ ብንፉዓታ፤ ብኡመኛታ፤ ብውፉያታ ኸኣ ከም ትህነጽ ስለ ዝርደኣኒ`ዩ ። …….ንሰነፉት ማዕጸ ክፉት ክንገድፎ የብልናን ንምባል ዝኣክል`የ። ወሰላም

AAHafiz 18/3/2020